## ገንዘቦም ኣበይን ከመይን ይዓቁሩ?

- ኣብ ሕጋዊ ናይ ፍይናንስ ትካላት (ባንኪ፣ዕ/ል/ሕ/ስ/ማሕበራት)
- ላሕሚ፣ ብዕራይ፣ ኣባጊዕ ብምግዛእ
- ኣብ ውሕስንኡ ዝተረጋገፀ ብቀሊሉ ሰብ ዘይረክቦ ኣብ መንበሪ ገዛ
- ኣብ ናይ ከባብያዊ ማሕበራት (ዕቁብ...)

## ገንዞቦም ንምንታይ ከምዘውዕልዎ ምፍላጥ የድሊ?



ምዕቋር ክጅምሩ እንተኾይኖም ሕድሕድ ወፃኢታቶምን ምምዝጋቡ ጠቀሚታ ኣለዎ:: ኣታዊኦምን ወፃኢኦምን እንድሕር ዝምዝግቡ ኾይኖም ክንደይ ዝኣኽል ገንዘብ ከምዝድልየምን ክንድይ ክዓቁሩ ከምዝክእሉ መዓዝ ዝብሉ ንምውሳን ይሕግዞም:: ማሕበሮም ወፃኢኦምን ኣታዊኦምን ውሕሉል ብዝኾነ መንገዲ ንምምዝጋብ ክሕግዞም ይኽእል እዩ:: ኣብ ማሕበሮም ዝተዳላወ ናይ ሕርሻ ጥረ-ገንዘብ ኣታውን ወፃእን መምዝገቢ ቅጥዕን መምርሕን ብምጥቃም ብኣግባቡ ክምዝግቡ ይኽእሉ እዮም::

## ናይ ምዕቋር ጥቅምታት



ምዕቋር ወሳኒ ዝኾነ ጥቅሚ ኣለዎ:: ናይ ሕልና ዕረፍቲ ይህቦም፣ ንምውሳን ድማ ሰፊሕ መማረፂን ዕድልን ክህልዎም ብምግባር ኣብ ሂወቶምን መነባብሮኦምን ዓብይ ግደ እዩ ዝፃወት ::

መብዛሕቲኦም ኣብ ዓለምና ዘለው ሃፍታማት መሰረት ሃፍሮም ጠንኪሮም ብምስረሖም፣ ውሕሉል ዝኾነ ዕቋርን ገንዘብ ምሕደራን ድምር ውፅኢት እዩ:: ጠንኪሮም እንተሰሪሖም፣ እንተዓቚሮም፣ ገንዘቦም ብኣግባቡ እንተማሓዲሮም እሶም እውን ሃፍታም ናይ ምኻን ዓብዩ ዕድል ኣለዎም::

### ንዝበለፀ ሓበሬታ

ናይ ገንዘብ ምዕቛር ዝምልከት ዝበለፀ ሓበሬታ ንምርካብ እንተደልዩም ኣብ ከባቢኦም ዝርከቡ ናይ ልቓሕን ዕቋርን ትካላት ወይ ባንክታት የነጋግሩ::

# ዘተ ብዛዕባ ገንዘብ

## ቡዙሕ ዝቆጠበ-ቡዙሕ ይረክብ



- ብዛዕባ ገንዘብ ምዝታይ ንምንታይ ኣድልዩ?
- ገንዘቦም ምዕቋር ንምንታይ ይጠቅሞም?
- ከመይን ኣበይን ገንዘቦም ክንዓቁር ይግባእ?

እዞም ሕቶታት ምምላስ ናይ ዕቋር ረብሓታትን ኣድላይነትን ክንርዳእ ይሕግዙና::

ናይ ምዕባለ ኩ/መ/ሕ/ስ/ማሕበር ኣባል ዝኾኑ ኣይተ ተወልደ ዋከኒ ከምዘብራህርሁልና ፣ “ካብ ሰሊጥ ዝርከብ ኣታዊ ብጣዕሚ ቡዙሕ እዩ፤ ይኹን ደኣምበር ንቑፃሊ ዓመት ናይ ሕርሻ ስራሕ ዝሳዓለ ወፃኢ ንዝጥይቑኒ ኣብ`ዚ ዓመት ካብ ዝረከብክዎ ኣታዊ እንተዘይዓቚረ ዝሳዓለ ወለድ ካብ ዘክፍሉ ዘይሕጋዊ መለቓሕቲ ክልቓሕ ክግደድ እየ። ስለዚ ካብ ሰሊጥ ሽያጥ ካብ ዝተረከበ ኣታዊየይ ንቑፃሊ ናይ ሕርሻ ስራሕቲ ንዝውዕል ገንዘብ ክዓቑር ኣለኒ ይብሉ።”

## ብዛዕባ ገንዘብ ምዝታይ ንምንታይ ኣድልዩ?



ኩላትና ከምንፈልጦ ገንዘብ ድልየትና ንምርዋይ ወሳኒ ግደ ኣለዎ። ከም ምግቢ፣ ክዳን፣ ጫማ፣ ጨው፣ ሳእኒ፣ መብራሕቲ፣ ሳሙና፣ መድሓኒትን ካልኦት ብዙሓት ነገራትን። ብዛዕባ ገንዘብ እንተውስእ ኩሉ ግዜ ብዛዕባ ገንዘብ ምሕደራ፣ ገንዘብ ምዕቓር፣ ገንዘብ ምልቓሕን ኣግባብ ኣጠቃቅምኡን ከመይን ንምንታይን ገንዘብ ንጥቐመሉ ክንዛተ ይግባእ።

ኩሉ ሰብ ገንዘብ የማሓድር እዩ። ነገር ግን ብአግባቡ ከመሓድሮ አይረኣን። ሓደ ሓደ ሰባት ካብ ኢድ ናብ አፍ ዝኾነ ናብራ ዝመርሑን ኣብ መዓልታዊ ሂዎቶም ጥራሕ ዝግደሱ ኣልው። ብካሊእ ወገን ድማ ኣንዊሖም ዝእምቱን ዝረክብዎ አታዊ ብትልሚ ዝመርሑን መጠባበቂ ንዘጋጥሙ ዘይተሓሰቡ ወፃኢታትን ከም ናይ ትምህርት፣ሕክምናን ካልኦት ወፃኢታት ካብታ ዝረኽብዎ ዓቚሮም ዘቀምጡ አለው።

አርሒቁ ዝሓሰበ ሓረስታይ ካብ ሕርሻ ዝረኽቦ አታዊ መሰረት ብምግባር ናይ ሕርሻ እታወታት መግዝኢ፣ ካልኦት አብ ሕርሻ ወቅቲ ንዘጋጥሙ ዘይተሓሰቡ ወፃኢታትን ንናይ ቤተሰብ ወፃኢታት ተሊሙ ይኳዓዝ።

ስለዚ ውሕሉል ናይ ገንዘብ ምሕደራን ኣጠቃቅማን ኣፍልጦ ብጣዕሚ ወሳኒ ክእለት እዩ። ካብ`ቶም ውሕሉል ምሕደራ ገንዘብ ሓደ ድማ ገንዘብ ምዕቛር እዩ።

ዑቋር ማለት ካብ ዝረከብናዮም ኣታዊታት ዝተውሰነ ክፍሊ ንቀፃሊ ንኽትጥቀመሉ ምቅማጥ ማለት እዩ። ስለዚ ካብ ዝረከብናዮ ገንዘብ አብ ዝኾነ ቦታ ካባና አርሒቅና ንቀፃሊ ንዝዓለምናዮ ተግባር ንክነውዕሎ እንተቀሚጥናዩ ዓቚርና ይበሃል። እዚ ተግባር እዚ ብምግባርና ድማ ናይ አታሓሳስባ ለውጢ ከምዘምፃእና ብትልሚ ከምንምራሕን ዘለውና ናይ ሕርሻን ካልኦት ናይ ንግዲ ንጥፍታት ምስዘለና ናይ ገንዘብ ቀረብን ናይ ቤተሰብ ድልየትን አጠዓዒምና ብትልሚ ከምንምራሕ የሪእና።

## ገንዘቦም ምዕቋር ንምንታይ ይጠቅሞም?



- ብቀዳምነት ዕቋር ንመሰረታዊ ድልየት ናይ ቤተ ሰብ ምምላእ ይጠቕም። ንኣብነት ንምግቢ፣ ክዳንን ንባዕሎምን ንስድራ-ቤቶምን
- ብተውሳኪ ገንዘብ እንተዓቚሮም ዘለዎም ናይ ንግዲ ስራሕ ንምስፋሕ ይጠቅሞም
- ብካልእ ወገን ዝዓቆርዎ ገንዘብ ወሰንቲ ዝኾኑ ንብረታት ንምግዛእ ይጠቅሞም። ንኣብነት ኣብዑር፣ ላሕሚ፣ ምሩፅ ዘርኢ፣ ዘመናዊ ድኩዒ ብምግዛእ ሕርሽኦም ከማዕቡሉ ይሕግዞም
- መለቃሕቲ ትካላት እውን ዘለዎም ናይ ምዕቋር ዓቅምን ተሳትፎን ብምርእይ እምነት ንከሕድሩን ካብቲ ዝዓቆርዎ ብምብጋስ ከለቁሑዎም ይሕግዝ።
- ምዕቋር ንዘጋጥሙ ዘይተሓሰቡን ዘይተገመቱ ሓደጋታት ንከውዕልዎ ይጠቅም። ንኣብነት ንሕክምና
- ምዕቋር ስድሮኦም ብአግባቡ ንክመሃሩን ናይ ትምህርቲ ናውቲ ንክዕድጉን ይሕግዞም።
- አብ ፍይናንሳዊ ትካላት ምዕቃሮም ገንዘቦም ካብ ዘይተደለየ ሰርቆት ምጥፍእ ይከላኸለሎም።

## ከመይን አበይን ገንዘቦም ክዓቁሩ ይግባእ?

ኩልሻብ ናይ ሕርሻ ምህርቶም ምስ ሰብሰቡ ምህርቶም ሸይጦም ገንዘብ ይቕበሉ እዮም። እዚ ናይ ሸይጣት ገንዘብ ድማ ኣብ ውሑስ ዝኾነ ቦታ ክቅመጥ ኣለዎ። ዝረከብዎ ገንዘብ ክዓቁሩ ወይ ድማ ከቐምጡ እንተኾኖም እዞም ትሕት ኢሎም ብምስሊ ተቀሚጦም ዘለው ምጥቃም ይክእሉ እዮም።

